# ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ኮራኹሮምን

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡ እዩ*
*በርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ንህግደፋዊያን ክንገብረሎም ናቶም ትሃርም ልቢ እንተላቶም*
*ክንደይ ኣሎ ካብ ሐርነት ጽፊዒት ዝመረጸ*
*መሳርሒ እቲ ዓወት ንሐፋሽ እንዳበለ ዝመጸ..*



*ሐፋሽ ተዋሪዱ ብዕንሹ ዕንኩራይ ጻጸ..*

*ብደገፍቲ ዲክታቶር ብናሕና ንሱ*
*ብፍርሒ ከብዶም ሐቝፎም ዝድቅሱ*
*ኣብ ለንደን ንብዓት ሐርገጸ ፈሲሱ..*

*ዓባይ በገዕ ዕያውታ ሒዛ ትጠፍእ*
*ንሳን ደቃን ትኸውን ድራር ኣዛብእ*
*ህግደፋዊያን ትምኒቶም ወትሩ ኩፉእ*
*ካብ ቀዳማዮም ዳሕረዎም ዝኸፍእ..*

*መራሒ ኹም ዩ ብዋጋ ደምና ሜሬትና ዝዓደለ*
*ብኢደወንውኑ ንራሻይዳ ታሽዓይ ቢሄር ዝበለ*
*ህዝብን ሜሬት ሰላም የብሉን ኣርዮስ ከይተኣለ..*

*ዕንወት  ንጉጅለ ጃንዳ ህግደፍን ኮራኹሮምን*
*ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ለንደን ንሕናን ምንግስትናን*
*ከማኹም ንሰላምማዊ ሰልፊ ተገዲድና ኣይወጻናን*
*ንሕና ናይ መንነት ቅልውላው የብልናን*
*ደቀባት ኢና ብኢሰያስ መንነት ኣይተዓደልናን..*

*ብሐገዝኩም መግዛእቲ ህግደፍ ነዊሑ*

ንዓገብ ዝበልና መልሐስኩም ተብልሑ
ዑሱባት ክሕስዉ ኣብ ኩሉ ዝተዘርግሑ..

ብመስዋእቲ ጀጋኑና ዓዲ ተረኪብና
ግጥሚ ኹምን ዜማኹምን ንበረልና
መን ቆጽሊ ዘውዲቑሉ ትብሉ መራሒና
ንምስሌየነታት ማፍያ ትብሉ ወከልትና
ዶብና ኣፍሉጡና እገዳ ኣልዑልሉ ንዘራዒና
ዑሩባት ሕልና ኣብ ለንደን ክነብዑ ተዓዚብና..

ብተለፎናት ተጸዊያም ብግዲ ዝወጹ
ንዲክታቶር ልሳኑ ኮይኖም ክድምጹ
ብሰብ ሕልና ከንዲ ዉጹዓት ዘድመጹ
ኣብ ጀነቨ ሰሚዕኩም እኒ ጣንጡ ምጹ
ተረቲዕኩም ካብ ልሳንኩም ልሳና በሊጹ..

ንሕና ንሱ ክብሉ ከይለበሙ ዝኣረጉ
ጸናጹ ብፍርሒ ሐሞቶም ተዘሪጉ
ንደቂ ደቆም ሕማቕ ታሪኽ ዝሐደጉ..

ዑሱብ ናይ ጃንዳ ህግደፍ ግጥሚ ዝገጠምካ


ንስኻ ቅድሜና ክትጠፍእ ኢኻ ምሱኡ ተለኪምካ
ምስ ህዝብና ንሐመድድበ ተዳሊና ኣለና ክነግረካ
ሹዑ ኣብ ጎደናታት ዓዲ እንግሊዝ ሽኢሽኢ ክሕዘካ..
ጢናሚና ዝበሃሉስ ወይጦታ ከማኻ ከምዚ ከማኻ..

ዓወት ንሐፋሽ ሐፋሽ ወሪድዎ
መራሒ ኹም ን25 ዓመት ባርያ ገርዎ
ሐቂ እንተለኩም ውረድ ዝይትብልዎ

*ሐፋሽ ዓወት ንሐፋሽ ን46 ዓመት ሰሚዕዎ*
*ፈረሑ እንበር ሐሶ ትኩምስ ፍጊዕ ኢልዎ..*

*ሐፋሽ ህዝቢ ዝፈትዎም ደቂ በጃ ኸፊሉ*
*ኣብዝነበርኩም ነርኩም ንሕና ንሱ ትብሉ*
*ሐፋሽ ንፍርሒ ጥሒሱ እንተ ላዒሉ*
*ጭፍራ ህግደፍ ናበይ ኢኹም ክተብሉ..*

*ራሻይዳ መስ ኢሉም ከምዛ በርቂ*
*ብማፍያ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኢሰያስ ሰራቒ*
*ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ተዋፊሮም ንስርቂ*
*ክሳዕ ዓንቀሮም ምዕጣቖም ንሱዩ ጠንቂ..*

*ኣጆኻ ክቡር ሐው ነርኣዮ ተዓወት*
*ራሻይዳ ስርሖም ስራሕ ኣራዊት*
*መንሂብዎ ሐላፍነት ክህብ መንነት*
*ነርኣዮ ከምናትካ እዩ ናተይ እምነት*
*ራሻይዳ ኣብ ሃገርና የብሎን ሰረት*
*ኣብ ዘመን ህግደፍ ምስ ነገሰ ባርነት*
*ኣዛብእ ኮይኖም ኣለዉ እንስሳ ዘቤት..*

*ስዉኣት ነጻነት ኣረኪቦም ለጋጊቦም ሽዳ*
*ኤረትራ ፍትሒ ይንገስ ዘይብሉ ወሊዳ*
*ብኢሰያስ ኣደታት ኮይነን ከምዘይ ወለዳ..*

*መራሒ ህግደፍ ዕርክነት ምስ ግብጺ*
*ግብጺ ንጠቕማ ኢሰያስ ደምና ክመጺ*
*ዓሳታትና ክገፉ ኣርዮስ ቃልስና ክቶጺ*
*እንበር ግብጺ*
*ምስ ኢትዮጵያ የብሎምን ጎንጺ..*

*ንደምበ ተቓውሞ ክንገብረሎም ናቶም*
*ሐላፍነት ክስምዖም እንተ ኣተሐሳሰበቶም*

መቓልስቶም ስለ ዝኾና ዓገብ ክንብሎም..

ጣልማይ 46 ዓመት ብዓወት ንሐፋሽ ሽቂኢጡ
ደንበ ተቓውሞ ንህግደፍ ረሲዕኩም ኣይትዋጠጡ
ኣብ ባይቶ ኤረትራ ብህዝቢ ተወኪልኩም ክትጫበጡ
ፍትሒ ምስ ነገሰ ነርክበሉ ወጠጥ ስራሕኩም ኣሳልጡ
ኣብ 2017 ሕማም ዓሶ ክጠፍኡ ጃንዳ ህግደፍ ጣንጡ..

ጋዓት ሐምሊ ወጺኡ ጋዓት ጠስሚ ክኣቱ
ደለይቲ ፍትሒ ክንሳነ ሕጂ ኣኺሉ ሰዓቱ
ናይ ደገን ውሽጥን ጸላእትኹም መክቱ..

ክሕምሽሹ እኒ ዛህላይ ማህላይ
ዛራታትና ክፍልፍሉ መሊኦም ማይ
ዓቕምና ነዋህህዶ ጸረ ናይ ሐባር ኣባይ
ኣብ 2017 የብቅዕ ሎምስ ምፍልላይ..

ህዝቢ ኤረትራ ኣብ ዓዱ ክቐስን ከብቅዕ ስደት
ኣሐት ዋዕሮ ሐለንጋይ ኢና ኣይኮናን ፈራሐት
ከም ኮራኹር ጃንዳ ህግደፍ ኣይኮናን ከዳዓት
እወ ንኩሉ ክንሰግሮ ኢና ብትብዓት ብጽንዓት..

2016 ኣሉታን ኣወንታን ነርዎ እሞ ብኽምዚ ክዛዝሞ
ደለይቲ ፍትሒ ንኣወንታ ንቐጽሎ ንኣሉታ ያዕ ንብሎ ሞ
ኣነ እምነ 2017 ንጉጅለ ጃንዳ ህግደፍ ብደሞክራሲ ቀይራ
ንህግደፍ ከም ኣንበጣ ሐሕ ንዓመታ ኣብታይ ክዕንድራ
ንምሕደራ ህግደፍ ብናይ ሐርነት ጨራ ቀይራ ኤረትራ
ከተማታትን ገጠርን ባይቶ ተኺለን ብሕጊ ክማሐዳደራ..

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረናሽዊት ለምለም ክኽውን ዓድና
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና